ካምፐን 10 ሕዳር 2007

ካብ ካምፐን፣ ዝዎለ፣ ኤመሎርድ፣ ኤመን፣ መፐል፣ ሄንገሎ፣ ኣፐልዶርን፣ ኤንሸኸደን፣ ካልኦት ከተማታትን ዝመጹ ዜጋታት ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ከተማ ካምፐን ብ10 ሕዳር 2007 ዝተገብረ ዋዕላ

<u>ውሳኔታት ህዝባዊ መኸተ ካምፐንን ከባቢኡን፦</u>

ዕላማታት ማሕበራዊ ፍትሕን መትከላት ርእሰኻ ምኽኣልን ኣብ ሃገርና ክዉን ንምግባር ኣብ ንዓዓዘሉ ዘለና ግዜን ዓበይቲ ዓወታት ኣመዝጊብናሉ ኣብ ዘለናሉ ህሞትን ንዕኡ ንምፍሻልን ንምኹላፍን ዓበይቲ ውዲታትን ተንኮላትን እናሰገርና ንሓልፍ ኣሎና። ከምቲ ኩሉ ዝፈልጦ መሰረታዊ ዕላማ ሃገርና ድኽነትን ድንቁርናን ሕማምን ካብ ህዝብና ንሓዋሩ ንምልጋስን ብቑጠባ ነብሳ ንምኽኣልን ህዝባ ካብ ተጸባይ ናብ ኣፍራይ ንምቕያርን ኮይኑ ኣብ ኤርትራ ፖለቲካውን ማሕበራውን ቅሳነት ንምንጋስን ህዝብና ወናኒ ኩሉ ዓይነት ዕድላቱን መሰላቱን ኮይኑ ከምዝነብር ንምግባር እዩ።

ኮይኑ ግን ካብ መስመርና ንምውጻእን መደባትና ብቕሳነት ከይነተግብርን፣ ረብሓታትና ዝጉረሸሉን ሕብርና ዝጽልመሉን በብዓይነቱ ጸረ ህዝቢ ዝኾነ ማሕለኻታትን ውዲታትን ንሰግር ኣሎና።

ብፍላይ ብወያነን ጎይቶት ወያነን ንውዱእ ጉዳይ ዶብ ንምዕንቃፍን ሰንፈላል ኮይኑ ከም ጅሆ ክጸንሕን ካብኡ ሰጊርካ ድማ ነቲ ዝኾነ ኣካል ክቕበሎ ዘይክእል ኤርትራ ኣብ መስርዕ ግብረ-ሽበራ ዝብል፣ ንበሃልቱውን ዘሕፍር ውዲት ንምፍሻል ኣብዚ ኣኼባ ዝተገልጸን ዝተገምገመን ርእይቶታትና ዝሃብናሉን ጽማቕ ናይ መኸተ ቃልና በዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ንድምድም፦

- ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት ውዕል ኣልጀርስን ውሳኔ ኮምሽን ዶብ 13-04-2002 ጥራይ ከምዝውዳእን ካልእ ዝኾነ መተካእታ ከምዘይብሉን ነረጋግጽ።
- ኤርትራ ብመምርሒናን መደብናን ድሌታትናን ኣይከደትን ካብ ዝብል ተበጊስካ ንምጽላማን ንምዕንቃፋን ዘይምስላ ንምሃብን ዝግበር ኩሉ ዓይነት ምንቅስቓሳት ነቃልዕን ኝኹንን።
- ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ብናይ ወለዶታት ስራሕን ቃልስን ዝተሃንጸ ስለዝኾነ፣ ንዕኡ ንምፍሻል ዝግበር ኩሉ ዓይነት ፈተነ ዋጋ ከምዘይብሉ ነራጋግጽ።
- ልኡላውነት ሃገርና ልዕሊ ዝኾነ ከምንሰርዕን ብኡ ዝመጽእ ኩሉ ዓይነት ሽሕጣናትን መዳናገሪ መደባትን እናነጸግና ኩሉ ካባና ዝሕተት ንምትግባር ቅሩብነትና ነራጋግጽ።
- ህዝብና ካብ ኩሉ ዓይነት ድሕረትን ድኽነትን ንምግልጋል ዝሕፈሱ ዘለዉ ዓወታት ልምዓትን ህንጻትን እናድንኾና ኣብ ጎኑ ከምዘለና ንገልጽ።
- ኤርትራ ኣብ ዞባናን ዓለምን ትኽተሎ ናይ ሰላምን ምርግጋእን ዘይሻራውን ናይ ብሓባር ምንባር ፖሊሲኣ ንድግፍ።
- ኝኹሉ እንተታት ንምምካት ኣብ ጎኒ ህዝብናን መንግስትናን ከምዘሎና ነረጋግጽ።
- ዋርሳይን ይከኣሎን ሃገሮም ንምህናጽን ንምክልኻልን ንዝሓልፍዎ ዘለዉ ብድሆታትን መኸተን ንምጉስን ኣብ ጎኖም ከምዘሎና ነረጋግጽን።

ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ክፈላሊ ዝኽእል ሓይሊ የልቦን!!!

ኩሉ ፈተነታት ጸላእቲ ፍሹል እዩ!!!

ታሪኽናን መንነትናን ንምኽባርን ንምሕላውን ድልዋት ኣለና!!!

ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና!!!

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!!!